Tigrinja

# ናብ ባህርያዊ ተፈጥሮ ኖርወይ ብደሓን ምጽኡ

ኣብ ኖርወይ፡ ኣብ ባህርያዊ ተፈጥሮ ክንቀሳቐስ ኩላትና ናጻ መሰል ኣሎና። እዚ ናይ ሓባር መሰል ድሕረባይታና፡ ጾታና ይኹን ዕድመና ብዘየገድስ ንኹላትና ኣብ ኖርወይ እንርከብ ይምልከት።

እዚ ናይ ሓባር መሰል፡ ኣብ ጥቕሚ ንዘይወዓለ ባህርያዊ ተፈጥሮ ዝምልከት እዩ። ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለ ክብሃል ከሎ ንጫካታት፡ ጎቦታት፡ ኣኽራናትን ገማግም ባሕርን የጠቓልል።

ንኹሉ ባህርያዊ ተፈጥሮ፡ እንስሳታት ወይ ኣታኽልቲ ዝጐድእ ነገር ክትገብር የብልካን። ንወነንቲ ሽኻታት ይኹን ካልኦት ተጠቀምቲ ኣብ ግምእት ክተእቱ ኣለካ።

ብሰብ ዝለምዑ ወይ ዝውነኑ ቦታታት ኣብቲ ናጻ ናይ ሓባር መሰል እቱዋት ኣይኮኑን። ብሰብ ዝውነኑ ዝብሃሉ፡ ከም ኣብ ቀጽሪ ገዛውቲ ዝርከቡ ኣታኽልቲ፡ ግራውትን ካልኦት ሰፋሕቲ ናይ ሕርሻ ከባቢታትን የጠቓልሉ።


Foto: Midt-Agder Friluftsråd

# ናይ ሓባር መሰል ነዚ ዝስዕብ ሕጋዊ ነገራት የፍቅደልና

ናጻ

- ኣብ ጫካታት፡ ጎቦታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ገማግም ባሕሪ ናይ እግሪ ጉዕዞ ምግባር።
- ኣብ ጎቦታትን ኣብ መንገዲ ኣጋርን ብቼክለታ ምዝዋር።
- ኣብ ባሕሪ፡ ማያትን ወሓዚታትን ምሕንባስ።
- ኣብ ሰብ ሰርሖ ቦታ ይኹን ኣብ ባህርያዊ ቦታታት ሺ ምጥቃም (ሽተት ምባል)።
- ምጸ ምጸ ዝመስል ፍረታት (ባር)፡ ይኹን ቃንጥሻ ምእራይ።
- ኣብ ባሕሪ ብናጻ ዓሳ ምግፋፍ። ዕድመኦም ትሕቲ 16 ዓመት ዝኾኑ ቈልዑ ኣብ ማያትን ወሓይዝን ብናጻ ዓሳ ክገፉ ይኽእሉ። ካልኦት ግን ናይ ምግፋፍ ዓሳ ካርድ ክገዝኡ ኣለዎም።
- ሰባት ካብ ዝቕመጡሉ መንበሪ ገዛ ወይ ኣብ ቍሸት ዝርከብ ጎጆ 150 ሜተር ርሒቕካ፡ ንክልተ ለይቲ ቴንዳ ዘርጊሕካ ክትሓድር ይፍቀደካ።

ናጻ

## ክትዝክሮ ዝግብኣካ፡

- ኣብ ባህርያዊ ናይ ተፈጥሮ ቦታታት ጕሓፍ ዘይምድርባይ።
- ንኣዕዋፍ፡ እንስሳ በረኻን ሳዕሪ ዝበልዓ ዘለዋ እንስሳታትን ክትርብሾም የብልካን።
- መዓጹን ኣፍደገታትን ዕጸዎ።

እዚ እቲ ንናይ ሓባር መሰል ዝምልከት ቀለልቲ ሕግታት'ዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ኣንብብ።

https://www.miljodirektoratet.no/for-private/friluftsliv-og-allemannsretten/

Friluftsrådenes Landsforbund